ትካልና ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማን ዝተፈላለየ ዓይነት ዘለዎ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 20, 2018 (ቅድሚ 3 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 27, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ነሓሰ 27, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ፅሕፈት መሳርሒ

ትካልና ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማን ዝተፈላለየ ዓይነት ዘለዎ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም፤

ክማልኡ ዝግብኦም ረቋሕታት

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ናይ ቫት ተመዝጋብቲ መረጋገፂ ምስክር ወረቀት ናይ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት(II) ኣብ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኟኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ን ከቅርቡ ዝኽኣለ፤

2. ተጫረቲ ሓደ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ (ነንበይኑ) ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሸጎም ብምቅራብ ናይ ድርጅቶም ማህተም ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ብንፁር ብምግባር ከቅርቡ ኣለዎም።

3. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ሰነድ ጨረታ ወፃኢ ምምላእ ኣይከኣልን፤

4. ተረትቲ ብር 20,000 (ዕስራ ሽሕ ብር) ናይ ጨረታ መኽበሪ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዚዚ (cpo) ወይ ድማ ኣብ ኹነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ።

5. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 200 (ክልተ ሚእቲ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ።

6. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 20/12/2018 ክሳብ 27/12/2018 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኮይኑ ሳዕን ጨረታ ዕለት 27/12/2018 ዓ/ም ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 5:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ትካልና ይኽፈት። ተረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

7. ትካልና ካብ ብር 20,000 ን ልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ዕድጊት ናይ ግልጋሎት ዕድጊታት 3%[withholding tax) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቅረባይ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ፤

8. ትካልና ብድሌቱ ክሳብ 20% መጠን እቲ ግልፂ ጨረታ ክቅንስ ወይ ክዉስኽ ይኽእል፤
9. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ሕሉው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ዝሰዓረ ተጫራቲ ዝሰዓሮ ንብረት በቲ ዘቅረብናዮ ስፐስፊኬሽን መሰረት ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ትካልና ዋና ቢሮ ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዚ መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ከረክብ ዝክእል።

ምስ ሰላምታ

ኣድራሻና: -መቐለ ኣብ ሮማናት ኣደባባይ ባንኪ ኣቢሲንያ ዝርከበሉ ህንፃ 3 ዳብሩ ንርከ

ሞባልይ ቁፅሪ 0967568418, 0914766793+251938000111

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle